# ኒሕ ኤርትራውያን ዘበራበረ ሰሚናር ኣብ ሆላንድ

ኣምባሳደር መሓመድ ሱሌማን መቐጸልታ ናይቲ ዘይቋርጽ ቀጻሊ መኸተና ኣብ ከተማታት ሮቶርዳምን ኣምስተርዳምን ከባቢኡን ብ1-2 ታሕሳስ 2007 ብጠቕላላ ኣስታት ሓደ ሽሕ ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰሚናር ኣቕሪቡ።

ኣብቲ ዘቕረቦ ሰሚናር እዋናዊ ህሉው ኩነታት ኤርትራ፡ ኣብ ልምዓት ተሓፍሶ ዘላ ዓወትን፡ ኣብ ዞባና ሰላም ንምንጋስ ትጻወቶ ዘላ ተራን ድሕሪ ምግላጽ፡ ንምዕባሌታት ጉዳይ ዶብ ብዝምልከት ድማ ካብ ዝጅምር ክሳብ ሕጂ ብዝርዝር ጭብጥታት ዝተሰነየ ኣዕጋቢ መብርህን መረዳእታን ንህዝቢ ኣቕሪቡ።

ብተወሳኺ ወያነን ኣሻደንቱን ዘካይድዎ ዝነበሩን ዘሎዉን ተንኮላትን ውዲታትን ኣብ ርእሲ ምብርሁ፡ ኣብዚ ህሞት እዚ ወራር ንምጅማር ዝገብሮ ዘሎ ምሽብሻብ ድማ ከም ኩሎም ዝሓለፉን ዝፈሸሉን ብመኸተ ህዝቢ ኤርትራ ክመክን ከምዝኾነን ንዕምሪ ወያነ ዘሕጽር ምኳኑ ኣስሚርሉ።

ኣምባሳደር መሓመድ ሱሌማን፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ታሪኹ ተንበርኪኹ ከምዘይፈልጥን፡ ብጽንዓትን ትብዓትን ወትሩ ዓወት ዘሓፍስ ከምዝኾነን፡ ንዘጋጥሞ ብድሆታት ከይተሓለለ ዝምክት ጭዋ ህዝቢ ምኳኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ ሆላንድ ንዝቕመጡ ኤርትራውያን ድማ ከም ኣካል ህዝቢ ኤርትራ መጠን፡ ንኹሉ እንተታት ድልዋት ብምኳን፡ ንወዲታት ወያነን መሻርክቶምን ንምፍሻል ከይተሓለሉ ክጽዕቱ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መጨረሽታ መንግስቲ ኤርትራ ዘካይዶ ዘሎ ሓያል መኸተ፡ ኣብ ኤርትራን ዞባናን ናይ ሓዋሩ ሰላም ከምዝረጋገጽን፡ ስውኣትና ዘስከሙና ሕድሪ ኣብ ግብሪ ከምዝትርጉምን ድሕሪ ምብራህ ብተሳተፍቲ ንዝቐረበሉ ሕቶታት ኣዕጋቢ መልሲ ሂቡ። ኣብ ልዕ'ዚ ተሳተፍቲ ንዝቕረብዎ ርኢይቶታትን ለበዋታትን ኣብ ኩሉ መዳይ ብደሆታት ሃገሮም ንክሳተፉ ቅሩባት ከምዝኾኑ ቃል ሰሚዖን ሞጊሱን።

ዓወት ንሓፋሽ!!